# ናይ ባንክ ሕሳባት

## ምጅማር




REFUGEE COUNCIL

SUPPORTING AND EMPOWERING REFUGEES

# ብዛዕባ እዚ መምርሒ'ዚ

እዚ መምርሒ'ዚ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዩኬይ ናይ ሰደተኛ ደረጃ ንዝተዋህቦም ሰባት እዩ።

**ንሱ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥**

- ናይ ደረጃ-ብደረጃ መስርሕ ምስ ምኽርታትን ሜላታትን ብዛዕባ ከመይ ገይርኩም ናይ ባንክ ሕሳብ ከምትረኽቡ
- እቶም ናይ ባንክ ሕሳብ ንምርካብ ዘድልይኹም ቅኑዕ ሰነዳት
- መግለጺታት ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ባንክ ሕሳባት
- መግለጺታት ናይ ኣብ ናይ ባንክ ሕሳባትኩም ዝያዳ ንምጥቃም ዘድልይኹም ቃላት
- ናይ ባንክ ሕሳብ ድሕሪ ምርካብኩም ኣብ ግምት ክተእትውዎም ዘለኩም ነገራት
- ሓበሬታ ብዛዕባ ምትላላትን ከመይ ኣተሓሕዛ ክተግብርሎም ከምዘለኩምን።

እዚ መምርሒ እዚ ንምርካብን ምጥቃምን ናይ ባንክ ሕሳብ ዝቐለለ ከምዝኸውን ክገብረልኩም ተስፋ ንገብር።

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም፡ ብኽብረትኩ ነቲ ናይ **Helpful Contacts (ሓገዝቲ ኣድራሻታት ርከብ)** ብምእታው ካብ The Refugee Council (እቲ ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት) ምስዝኾነ ሰብ፡ ወይ ምስ ካልኦት ግብረሰናይ ማሕበራትን ትካላትን ተዘራረቡ።

## መግለጺታት

### FSCS (Financial Services Compensation Scheme, ውጥን ካሕሳ ናይ ገንዘባዊ ኣገልግሎታት)

እቲ FSCS (ውጥን ካሕሳ ናይ ገንዘባዊ ኣገልግሎታት) ኣብ ሕሳብኩም ንዘሎ ክሳብ £85,000 ዝበጽሕ ገንዘብ ይሕሉ። እንተድኣ ናትኩም ባንክ ወይ ናይ ህንጻ ሕብረተሰብ ገንዘብ ጠፊሹ፡ እቲ FSCS ካሕሳ ክኸፍል እዩ።

### ደቢት ካርድ

ኣብ ሕሳብኩም ብዘሎ ገንዘብ ብምጥቃም ንምኽፋል ናይ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ክፍሊት ይጠቅም። ብዙሓት ካብ ደቢት ካርድታት 'ምትንኻፍ-ኣልቦ' እዮም። እዚ ማለት ክሳብ £30 ዝበጽሕ መጠን ትኸፍሉ እንተሊኹም፡ ንካርድኹም ኣብቲ ናይ ካርድ ማሽን ክትሃርምዎ ትኽእሉ ኣብ ክንዲ ንካርድኹም ምእታውን ናትኩም PIN (ውልቃዊ ቁጽሪ መንነት) ምእታውን።

### PIN (Personal Identification Number, ውልቃዊ ቁጽሪ መንነት)

ደቢት ካርድኹም ኣብ ትቕበልሉ እዋን ነቲ ናይ PIN (ውልቃዊ ቁጽሪ መንነት) ቁጽርኹም'ውን ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ቁጽሪ እዚ ንስኹም ወንነቲ ናይቲ ደቢት ካርድ ንምርግጋጽ ናይ ነገራት ዋጋ ንምኽፋል ኣብ ትጥቀምሉ እዋን ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ነቲ ቁጽሪ ካብ ዝኾነ ሰብ ውሑስን ምስጢራውን ገይርኩም ንምሓዙ ዘክሩ – ባንክኹም'ውን ፈጺሙ ናትኩም PIN ኣይክሓትትን እዩ።

### ናይ ቸክ መጽሓፍ

ከም ናይ ክፍሊት መልክዕ ቸክ ክትጽሕፉ ትኽእሉ።
ንሕሳብኩም ኣብ ተመልከትሉ እዋን እዚኦም የድልይኹም እንተኾይኖም ክትሕተቱ ትኽእሉ። ብዙሓት ቦታታት ቸክ ከም ክፍሊት ኣይቅበሉን እዮም፡ ስለዚ ወሰንቲ ኣይኮኑን።

## ቀጥታዊ ደቢት (ዕዳ)

ሓደ ሰብ/ትካል ካብ ሕሳብኩም ገንዘብ ናይ ምውሳድ ውዕል። እቲ ክፍሊት ስሩዕ እዩ፡ ግን እቲ መጠን ተለዋዋጢ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፡ ቀጥታዊ ደቢት ናይ ኤለክትሪካዊ ጸዓት ክፍሊትኩም ንምኽፋል ክዳሎ ይኽእል።

## ቀዋሚ ጠለብ

ሓደ ስሩዕ ክፍሊት ኮይኑ ናይ ኣቕሑ ወይ ኣገልግሎታት ክፍሊት ብስሩዕ ንምኽፋል ብኣኹም ዝዳሎ እዩ።
ንሳቶም ቀዋሚ ክፍሊታት ኣብ መንጎ ሰባት ንምድላው ጠቓምቲ እዮም፡ ከም ክፍሊት ክራይ ንኣካራዩ።

## ካብ ባንክ ዝያዳ ምልቃሕ ወይ ኦቨርድራፍት

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብኩም ካብ ዘሎ ገንዘብ ንላዕሊ እንተህሊኽኩም፡ ናብ ካብ ባንክ ዝያዳ ምልቃሕ ወይ ኦቨርድራፍት ክትኣትዉ ኢኹም፡ እዚ ከኣ ብመሰረቱ ልቓሕ ካብ ባንክኹም ማለት'ዩ። ዝሃልኽ ገንዘብ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊታት ከስዕብ'ዩ። ናብ ካብ ባንክ ዝያዳ ምልቃሕ ወይ ኦቨርድራፍት ቅድሚ ክትኣትዉ ምፍታንኩም ክንደይ ክትከፍሉ ከምትሕተቱ ትፈልጡ ምዃንኩም ኣረጋግጹ።

## ናይ ዕዳ ነጥቢ

ንዕዳኹም ማዕረ ክንደይ ክትመልስዎ ተኽእሎ ከምዘለኩም ዘርኢ ሓደ ቁጽሪ። ዝለዓለ ነጥቢ ብልቓሕ ዝያዳ ፍርያት ንምርካብ (ከም ክረዲት ካርድ ዝኣመሰለ) ክትመልክቱ ከኽእለኩም እዩ። ነዞም ፍርያታት እዚኦም ናይ ምርካብ ደረትኩም'ውን ዝለዓለ ክኸውን'ዩ።

## ሞርጌጅ

ሞርጌጅ ገዛ ወይ መሬት ንምግዛእ ካብ ባንክ ክትወስድዎ ትኽእሉ ልቓሕ ማለት'ዩ። እዚ ልቓሕ'ዚ 'ውሑስ' እዩ፡ እዚ ማለት እንተድኣ ልቓሕኩም ክትከፍሉ ዘይክኢልኩም ባንክኹም ንገዛኹም ክወስዶን ክሸጦን ይኽእል። መብዛሕትኦም ልቓሓት ን25 ዓመታት ይውሰዱ ምስ ወርሓዊ ክፍሊታት፡ ግን ካብኡ ዝነውሑ ወይ ዝሓጸሩ ክኾኑ ይኽእሉ። ዝለዓለ ናይ ዕዳ ነጥቢ ዝተሓተ ወለድ ዘለዎም ዝሓሹ ሞርጌጃት ንምርካብ ከኽእለኩም ይኽእል።

## ምትላል

ሓደ ሰብ ገንዘብ ናይ ካልእ ሰብ ንምርካብ ዘታልለሉ ገበን። ነዚ ገበን'ዚ ዝፍጽም ሰብ መታለሊ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ሕጽቦ ገንዘብ

ብገበናዊ ንጥፈት ዝመጸ ገንዘብ "ላውንድሪ ክሓልፍ" ወይ "ክሕጸብ" ከሎ መገዲ ሕጋዊ ምንጪ ከምዝሓልፍ ብምግባር።
ንኣብነት፡ ካብ ምሻጥ ሓሽሽ ዝመጸ ገንዘብ ናይ ፒሳ ቤት-ምግቢ ንምምዋል ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል። ስለዚ፡ እቲ ቤት-ምግቢ ፒሳ ገጽ ናይ ሕጽቦ ገንዘብ እዩ።



# ከመይ ገይርኩም ባንክ ሕሳብ ከምትረኽቡ

**1** ኣብ ጨንፈር ናይ ዝመረጽክሞ ባንክ ቆጸራ ሓዙ ነቲ ጨንፈር ክትድውልሉ ዝኽእሉ ኢኹም (ነቲ ቁጽሪ ኣብ ኢንተርንት ኦንላይን ርኸብዎ)፡ ቆጸራ ንምሓዝ ናብቲ ጨንፈር ክትከዱ'ውን ትኽእሉ ግን ብኡ ንብኡ ኣይክትረኽብዎን ኢኹም ስለዚ ድሒርኩም ምምላስ ከድልየኩም እዩ። ገሊኦም ባንክታት ኦንላይን ቆጸራ ክትሕዙ ከፍቅዱ እዮም – እቲ ዝመረጽክሞ ባንክ ከምኡ ዘፍቅድ እንተኾይኑ ኣረጋግጹ።
ቆጸራ ምሓዝ እቲ ዝቐለለ ኣማራጺ እዩ፡ ግን ኦንላይን ናይ ባንክ ሕሳብ ንምርካብ ክተመልከቱ'ውን ክትመርጹ ትኽእሉ።

**ምኽርታት**

ኣብ ጥቓ ትነብርሉ ቦታ ዘሎ ንምምራጽ ኣብ ግምት ኣእትዉ፡ ምእንቲ ኣብ ዝደለኹምሉ ክትበጽሕዎ ክትክእሉ።

**2** እዚ ንኡስ-መጽሓፍ'ዚ ሓበሬታ ብዛዕባ እቶም ሰነዳት ናይ መለለዪ መንነት ከምኡ ድማ መረጋገጺ ናይ ኣድራሻ ናብቲ ባንክ ክትወስድዎም ዘድልይኹም ዝሓዘ እዩ።
ናብቲ ባንክ ትማልእዎም ሰነዳት ንምርካብ ግዜ ኣሕልፉ።

**ምኽርታት**

ክንዲ ዘለውኹም ዓይነታት መለለዪ መንነትን መረጋግጺ ኣድራሻን ውሰዱ። ዝርዝር ናይ ዝቕበልዎም ነገራት ንምፍላጥ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ዝመረጽክሞ ባንክ ምርኣይ'ውን ትኽእሉ።

**3** ናብቲ ናይ ባንክ ቆጸራኹም ሰነዳትኩም ሒዝኩም ኪዱ፡ ኩነታትኩምን ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍቱ ምኽርታት ከምትደልዩን ግለጹ።

**ምኽርታት**

ቅድሚ ምኻድኩም ቆጸራ ንምሓዝ ዝሕግዘኩም ሰብ ርኸቡ። እቲ ባንክ ክሕግዘኩም ዝኽእል ኣባል ስታፍ ወይ ሰራሕተኛ ከረክብ ይኽእል። እንተድኣ ዘይትተኣማመኑ ኾይንኩም፡ እንግሊዝኛ ምስ ዝዛረብ ዓርኪ ወይ ኣባል ስድራቤት ኪዱ። ንሳቶም'ውን መለለዪ መንነት ክወስዱ ከድልዮም'ዩ።

**4** እንተኣ ናይ ባንክ ሕሳብ ኣብ ምውጻእ ዕዉታት ኮይንኩም፡ ናብቲ **ድሕሪ ናይ ባንክ ሕሳብኩም ምውጻእኩም** ዝብል ክፍሊ ኪዱ።

**እንተድኣ ዕዉታት ዘይኮይንኩም እዞም ምኽርታት እዚኦም ክሕግዙ ይኽእሉ።**

- እንተድኣ መረጋግጺ ናይ ኣድራሻ ወይ ዓይነት መለለዪ መንነት ንምቕራብ ተጸጊምኩም ክትድውልሎም ዝኽእለኩም ቁጽሪ ተሌፎን እንተልይዎም ነቶም ባንክ ሕተትዎም።
- እንተድኣ ኣብ ሓደ ባንክ ዕዉታት ዘይኮይንኩም፡ ኣብ ካልእ ፈትኑ። ሓደ ዓይነት ሰነዳት ኣይኮኑን ዝቕበሉ።
- እንተድኣ ካረንት ወይ ተንቀሳቓሲ ናይ ባንክ ሕሳብ ተነጺግኩም፡ መሰረታዊ ወይ በይዚክ ናይ ባንክ ሕሳብ ሐተቱ።
- ተወሰኽቲ ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ሰባት ንምርካብ 'Helpful Contacts (ሓገዝቲ ኣድራሻታት ርክብ)' ዝብል ክፍሊ ርኣዩ።

# ክልተ ቀንዲ ዓይነታት ናይ ባንክ ሕሳባት ኣለዉ



### ካረንት ወይ ተንቀሳቃሲ ሕሳብ

እቲ ቀንዲ ልሙድ ዓይነት ናይ ባንክ ሕሳብ ካረንት ወይ ተንቀሳቃሲ ሕሳብ እዩ። ንሱ ብኹሎም ልዑል ባንክታት ይውሃብ። ናይ ገዛእ ርእስኹም ገንዘብ ኣብቲ ሕሳብ ክተቐምጡ ትኽእሉ። ዕዳታትኩም ንምኽፋልን ከም ደሞዝ ወይ ሓገዝ ዝኣመሰሉ ገንዘብ ንምርካብን ክሕግዘኩም ይኽእል።

ኣብ ሕሳብኩም ዘሎ ገንዘብ ኣብ ድኳናት ክትጥቀምሉን ካብ ናይ ገንዘብ ማሽናት ገንዘብ ንምውጻእ ክትጥቀምሉን ምእንቲ ደቢት ካርድ ክትቅበሉ ኢኹም ከምኡ ድማ ገንዘብ ንምውጻእ ናይ ቸክ መጽሓፍ'ውን ክውሃበኩም ይኽእል። ቀጥታዊ ደቢታትን ቀውምቲ ጠለባትን እውን ኣብ ሕሳብኩም ክተቐሙ ትኽእሉ።

ኣብ ገለ ካረንት ወይ ተንቀሳቃሲ ሓሳባት፡ ካብ ባንክ ዝያዳ ምልቃሕ ወይ ኦቨርድራፍት ናይ ምድላው ኣማራጺ ኣሎ።

### መሰረታዊ ናይ ባንክ ሕሳብ

እዚ ናይ ባንኪ ሕሳብ ኣገልግሎታት ዝህብ ናጻ ናይ ባንክ ሕሳብ ኮይኑ ግን ብዘይ ካብ ባንክ ዝያዳ ምልቃሕ ወይ ኦቨርድራፍት እዩ። ከምኡ'ውን፡ እንተድኣ ቀጥታዊ ደቢት ኣቐምኩም'ሞ ኢኹም ገንዘብ ከኣ ኣብቲ ሕሳብ እንተዘይሃልዩ፡ ክፍሊት ክትከፍሉ ክትግደዱ ትኽእሉ።

መሰረታዊ ናይ ባንክ ሕሳብ ድሕሪ ምኽፋትኩም፡ ኣብ መጻኢ እቲ ስሩዕ ተንቀሳቃሲ ወይ ካረንት ናይ ባንክ ሕሳብ ክተውጽኡ ትኽእሉ።

መሰረታዊ ናይ ባንክ ሕሳባት ዝህባ እዘን ዝስዕባ እየን፥ Barclays, the Co-operative Bank, HSBC, Lloyds Banking Group, Clydesdale Bank and Yorkshire Bank, Nationwide, RBS, Santander ከምኡ ድማ TSB።

# ናይ ዲጂታል ባንክታት ኣማራጺ'ውን ኣሎ።

### ዲጂታል ባንክታት

ኣብ ዩኬይ፡ ዲጂታል ባንክታት ሕጂ ናይ ኣገልግሎት ባንክ ኣማራጺ እየን። ዲጂታላዊ ባንክ ቀትታዊ ባንክ ኮይኑ ኣብ ኦንላይን ጥራይ ዝሰርሕ እዩ። መብዛሕትኦን ባንክታት ብኣካል ከይድኩም ክትበጽሕዎም ትኽእሉ ጨናፍር ክህልውዎም'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ዲጂታል ባንክ፡ ኩሎም ኣገልግሎታት ኣብ ኦንላይን ይካየዱ።

እዞም ባንክታት እዚኦም ናቶም ኣፕ ናብ ሞባይልኩም ብምውራድ ክተመልክትሉም ትኽእሉ ተንቀሳቃሲ ሕሳባት ይህቡ። BRP ከምኡ ድማ ናብኡ ደቢት ካርድ ክስደደልኩም ዝኽእል ናይ ዩኬይ ኣድራሻ ክድልየኩም እዩ።

ኣብነታት ናይ ገለ ካብቶም ኣዝዮም ህቡባት ዲጂታል ባንክታት ኣብ ዩኬይ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥ Monzo, Monese, Revolut ከምኡ ድማ Starling Bank። እዚ ምሉእ ዝርዝር ኣይኮነን፡ እቲ ንኣኹም ዝበለጸ ባንክ ኣየናይ ምዃኑ ንምፍላጥ ናይ ገዛእ ርእስኹም መጽናዕቲ ክትገብሩ ኣለኩም።



# ዘድልይኹም ሰነዳት

ባንክታት ንዝርዝራት ሓበሬታ ናይ መጻኢ ዓማዊሎም ከረጋግጹ ይደልዩ ምትላልን ናይ ገንዘብ ሕጽቦን ንምግታእ። ስለዚ፡ ናይ ባንክ ሕሳብ ንምኽፋት መንነትኩም ክተረጋግጹ የድልየኩም። ብቑዕ ናይ ስእሊ መረጋገጺ ምስ ካልእ ሰነድ ናይ ትነብርሉ ኣድራሻ መረጋገጺ (መረጋገጺ ኣድራሻ) ክተርእዩ የድልየኩም።

እዞም ሰነዳት እዚኦም በቲ ባንክ ናይ ግድን ቅቡላት ክኾኑ ምዃኖም ውሕስነት የለን ስለዚ ዘለውኹም ኩሎም ውሰዱ።

እንተድኣ ብሓደ ልዑል ተፈላጥነት ዘለዎ ባንክ ናይ ባንክ ሕሳብ ተነጺግኩም፡ ካልእ ባንክ ክትፍትኑ ትኽእሉ፡ ምኽንያቱ ሓደ ባንክ ካብቲ ካልእ ዝተፈልዩ ጠለባት ክህልውዎ ስለዝኽእሉ።

እቲ ዝቕጽል ገጽ ነቶም ብባንክታት ቅቡላት ዝኾኑ ዓይነታት ሰነዳት ከም መረጋገጺ መንነትን ኣድራሻን ይዝርዝር።



## መረጋገጺ መንነት – ብተርታ ናይ ዝያዳ ቅቡልነት ዘለዎም

- ህሉው ፓስፖርት
- Biometric Residency Permit (BRP, ባዮመትርያዊ መንበሪ ፍቓድ)
- ናይ Department for Work and Pensions (ክፍሊ ስራሕን ጡረታን) ደብዳበ ናይ ሓገዛት ምርካብ መሰል ከምዘለካ ዘረጋግጽ
- ህሉው ምሉእ (ወይ ግዝያዊ) ናይ ዩኬይ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና
- ናይ UK Home Office (ቤት-ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዩኬይ)
- ናይ UK Home Office (ቤት-ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዩኬይ) ካርድ ናይ ምዝገባ መመልከቲ
- ናይ UK Home Office (ቤት-ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዩኬይ) ናይ ኢሚግረሽን ደረጃ ምስ ናይ ምንባር ፍቓድ
- መፍለጢ ናይ ካልእ መንግስታዊ/ከባብያዊ በዓል ስልጣን ውህበት




### መዘኻኸሪታት፥

ግዝያዊ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና ብባዮመትርያዊ መንበሪ ፍቓድ ክርከብ ይኽእል። ግዝያዊ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና ንምርካብ ክፍሊት ኣሎ። ንእኡ ንምርካብ ኣብዚ ክተመልክቱ ትኽእሉ፥
**www.gov.uk/apply-first-provisional-driving-licence**

## መረጋገጺ ኣድራሻ – ብተርታ ናይቶም ዝያዳ ቅቡላት ዝኾኑ

- ናይ ቤት-ምኽሪ ናይ ግብሪ ቢል
- ናይ ተኻራይነት ውዕል (ካብቲ ቤት-ምኽሪ ዘጠቓለለ)
- ናይ ኣገልግሎት ገዛ ቢል (ኤለክትሪክ፡ ጋዝ ወይ ናይ ማይ ቢል) ካብ ዝሓለፉ 3-4 ኣዋርሕ
- ህሉው ናይ EU/EEA (ሕብረት ኤውሮጳ) ፍቓድ መዘወሪ ማኪና (ወይ ግዝያዊ)
- ናይ HMRC መፍለጢ ግብሪ
- ናይ Department for Work and Pensions (ክፍሊ ስራሕን ጡረታን) ደብዳበ ናይ ሓገዛት መሰል ከምዘሎ ዘረጋግጽ



### መዘኻኸሪታት፥

ብዙሓት ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ብኡ ንብኡ ንኣኹም ተረኪቦቲ ዘይክኾኑ ይኽእሉ። ይኹን እምበር፡ ገሊኦም ባንክታት ስደተኛታት ዝኾኑ ውጥናት ክህልውዎም እዮም። እቶም ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዉ ኣማራጺታት እንታይ ምዃኖም ንምፍላጥ ኣብ The Refugee Council (እቲ ቤት-ምኽሪ ስደት) ወይ ከባብያዊ ግብረሰናይ ማሕበር ንዘሎ ሰብ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ።

ቅድሚ ናብ ሓድሽ መንበሪ ገዛ ምግዓዝኩም ናይ ተኻራይነት ውዕል ምርካብ ዝክኣል ክኸውን ይኽእል።

ካብ ሓደ ስሙይ ምንጪ ዝመጸ ደብዳበ ሓድሓደ ግዜ ከም መረጋገጺ ኣድራሻ ከገልግል ይኽእል፡ ንኣብነት ካብ ትካል፡ ወኪል መንበሪ ገዛ፡ ተቖጻጻሪ ናይ ገዛ-ኣልቦ መጽለሊ ወይ ሆስቴል ዝመጸ ደብዳበ።

ገሊኦም ባንክታት ናብ ናትኩም Universal Credit (ኣድማሳዊ ክረዲት) ብምእታው ኣድራሻኹም ከምተረጋግጹ ክገብርኹም ይኽእሉ፡ ብዛዕባ'ዚ ነቲ ባንክ ሕተትዎ።




Free Cash
withdrawals
VISA

# ናይ ባንክ ሕሳብኩም ድሕሪ ምኽፋትኩም

እንተድኣ ናይ ባንክ ሕሳብኩም ብዕዉት መንገዲ ከፊትኩም፡ እንቋዕ ሓጎሰኩም!
ሕጂ ናብ ናይ ዩኬይ ገንዘባዊ ኣገልግሎታት ምሉእ ናይ ምእታው ኦድል ናብ ምርካብ ገጽኩም ትኸዱ ኣለኹም።

ኣብ ታሕቲ ኣብ ነዊሕ ግዜ ኣብ ግምት ክተእትውዎም ትኽእሉ ነገራት ውሑዳት ነገራት ኣለዉ።

## ወለድ-ኣልቦ ናይ ጽንባረ ልቓህ ንምርካብ ኣመልክቱ።

እዚ ስደተኛታት ኣብ መንበሪ ገዛ፡ ክፍሊት ክራይ፡ ትምህርትን ናይ ስራሕ ስልጠናን ንኸዎልዎ ዝርከብ እዩ።

ንምምልካት፡ ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ
**www.gov.uk/refugee-integration-loan/how-to-apply**.

### እዚ ዝስዕብ ከድልየኩም እዩ፥

- ናትኩም National Insurance Number (ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን)
- ናትኩም ናይ BRP/ደረጃ ኤሚግረሽን ሰነድ/ፓስፖርት
- ናይ ባንክ ዝርዝራት ሓበሬታ ዝሓዘ ናይ ባንክ መግለጺ/ደብዳበ



## ናይ ክረዲት ነጥብኹም ኣመሓይሹ።

ንከም ቢላት/ክፍሊት ክራይ ዝኣመሰሉ ነገራት **ብቐጥታዊ ደቢታት** ወይ **ቀወምቲ ጠለባት** ምኽፋል ንዕዳታትኩም ክትመልስዎ ንዘለውኩም ተኽእሎ የርእዩ። እዚ ናይ ክረዲት **ነጥብኹም ከመሓይሽ'ዩ**። ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ንዝኣመሰሉ ኣብ ተመልክትሉ እዋን ናይ ክረዲት ነጥብኹም ኣብ ግምት ይኣቱ፥

- ልቓሓት
- ክረዲት ካርድታት
- ሞርጌጃት
- ናይ ማኪናን ገዛን መድሕን

እንተድኣ መሰረታዊ ናይ ባንክ ሕሳብ ኣለኩም ኮይኑ፡ ምምሕያሽ ናይ ክረዲት ነጥብኹም ምስ ግዜ ስሩዕ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ናይ ምርካብ ዕድልኩም ከምዝውስኽ ክገብር ይኽእል።



## ሕሳብ ውህለላ ክፈቱ።

ኣብ ዝመረጽክሞ ባንክ ሕሳብ ውህለላ ክትከፍቱ ትኽእሉ። እዚ ሕሳብ'ዚ ኣብኡ ገንዘብ ብምቕማጥ ወለድ ትረኽብሉ እዩ። ወለድ ባንክታት ገንዘብኩም ኣብኦም ስለዘቐምጥክምሎም ዝኸፍልኹም ውሁድ ሚእታዊት እዩ።

ንኣብነት፡ እንተድኣ £100 ኣብ ሕሳብ ውህለላ ኣቐሚጥኩም መጠን ወለድ ከኣ 2% እንተኾይኑ፡ ናይ £2 ወለድ ትረኽቡ። ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ £102 ክህልወኩም እዩ።





# ልሙዳት ምትላላት



## ፊሺን ከምኡ ድማ ስሚሺን

ፊሺን (ናይ ኢመይል ምትላላት) ከምኡ ድማ ስሚሺን (ናይ ተሌፎን ጽሑፍ ምትላላት) እቶም ቀንዲ ዓይነታት ምትላል እዮም። ኣታለልቲ ከም ናትኩም ባንክ ወይ ናይ ህንጻ ሕብረተሰብ ብምኧን ይቐርቡ ኣብ ሊንክ ክትጥውቑን ናይ ሕሳብኩም ዝርዝራት ሓበሬታ ክተረጋግጹ ከኣ ይሓትኹም።


ባንክኹም ናትኩም ፓስዎርድስዎርድ ወይ PIN ኣይክሓተኩምን እዩ። እንተድኣ ርግጸኛታት ዘይኮይንኩም፡ ናብ ባንክኹም ደውሉ፡ ኢመይል ጽሓፉ ወይ ናብኡ ብኣካል ብጽሑ ክረኽብኹም ፈቲኖም እንተነይሮም ከኣ ሕተትዎም።

## ናይ ወፍሪ ምትላላት

ሓደ ኣታላሊ ኣብ ናይ ሓሶት ንብረት ከኣ ወርቂ፡ ነቢት ወይ መሬት ክተውፍሩ ክሓተኩም ይኽእል። ናይ ሓቂ ወፍርታት ምኧኖም ከእምንኹም ክፍትኑ እዮም።

እንተድኣ ናይ ወፍሪ ዕድል ዘቕርበልኩም ወዝባዊ ናይ ተሌፎን ጻውዒት ረኺብኩም እሞ ከኣ ኣመና ጽቡቕ ዝመስል እንተኾይኑ፡ ቀልጢፍኩም ናይ ባንክ ሕሳብኩም ክተሰጋግሩ ከኣ እንተሓቲትኩም፡ ምትላል ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

## ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ናይ ካርድ ምትላላት



ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ኣብ ክንዲ ጥረ-ገንዘብ ተሰኪምካ ምኻድ ክግዝኡ ይኽእሉ። ኣብ ድኳናትን ኣብያተ-ምግብን ክትጥቀምሎም ትኽእሉ። ገንዘብ ኣብ ትውድእሉ እዋን፡ ነቲ ካርድ ገንዘብ ክሳብ ትውስኽሉ ዝያዳ ገንዘብ ክተህልኹ ኣይትኽእሉን።

ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ዩኬይ ንዝመጸን ናይ ክረዲት ነጥቢ ከኣ ንዘይብሉን ሰብ ከም ጽቡቕ ሓሳብ ዝመስሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ንምትላል ዝተቓልዑ ክኾኑ ይኽእሉ። እዞም ካርድታት እዚኦም ብናይ ሓሶት ክልወጡ ይኽእሉ ወይ ዝርዝራት ሓበሬትኦም ቅድሚ ነቲ ካርድ ምግዛእኩም ክይተረፈ ክስረቑ ይኽእሉ።

እንተድኣ ግዳይ ናይ ምትላል ናይ ኣቐዲሙ ዝተኸፍለ ካርድ ኾይንኩም፡ ንሱ ምስ ናይ ባንክ ሕሳብ ዝተላገበ ኣይኮነን ስለዚ ነቲ ገንዘብ ደጊምኩም ንምጥላብ ዝኾኑ ሕጋዊ ኣማራጺታት የለዉን፡ ነቲ ገበን ኣብ ምቅላዕ ከኣ ጸገም ክገጥመኩም ይኽእል።

# እንተድኣ ተታሊልኩም እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም

## ነገራት ከይብእሱ ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ፥

| ተኽእሎ ፍጻመ | እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም |
|---|---|
| እንተድኣ ምፍርራህ ዝበጽሓኩም ዘሎ ኮይኑ ተሰሚዕኩም | በዚ ዝስዕብ ቁጽጽሪ ናብ ፖሊስ ደውሉ **999** |
| እንተድኣ ገንዘብ ናብ ኣታላሊ ኣሰጋጊርኩም | በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ናብ ፖሊስ ደውሉ **101** |
| እንተድኣ እቲ መታለሊ ናብ ማዕጾኹም መጺኡ፡ ደዊልልኩም ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ሰዲድልኩም | ኣይትመልስሎም፡ ነቲ ዘጋጠመ መዝግቡ ከምኡ ድማ በዚ ዝሶብ ቁጽሪ ናብ ፖሊስ ደውሉ **999** |
| እንተድኣ ናይ ሕሳብኩም ዝርዝራት ሓበሬታ ወይ ናትኩም PIN ተሰሪቑም ኣለዉ ኢልኩም ሓሲብኩም | ምስ ባንክኹም **ርክብ ኣካይዱ** |
| እንተድኣ ፓስዎርድኹም ተሰሪቑ ኣሎ ኢልኩም ሓሲብኩም | **ንፓስዎርድኹም** ኣብ ኦንላይን ቀይርዎ። |
| እንተድኣ ዘይትፈልጥዎ ክፍሊት ኣሎ ኾይኑ | ምስ ባንክኹምr **ርክብ ኣካይዱ።** እቲ ዘጋጠመ ግለጹ ክምለሰልኩም ከኣ ሐተቱ |
| እንተድኣ ካብ ዝተጸበኽሞ ንላዕሊ ገንዘብ ተወሲዱ | ምስ ባንክኹምr **ርክብ ኣካይዱ።** እቲ ዘጋጠመ ግለጹ ክምለሰልኩም ከኣ ሐተቱ |
| እንተድኣ ባንክኹም ድሕሪ 8 ሰሙናት ናይ ገለ ነገር ምግጣሙ ስጉምቲ ዘይወሰድ ኮይኑ | ምስቲ **Financial Ombudsman Service (ኣገልግሎት ፋናንሳዊ ተጣባቒ)** ርክብ ኣካይዱ |
| እንተድኣ እቲ ምትላል ፖስታ ዘጠቓልል ኮይኑ | ንRoyal Mail (ንጉሳዊ ፖስታ) በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ርኸብዎ<br>**0800 011 3466** |

## ነቲ ምትላል ናብዚ ዝስዕብ ሓብሩ

- **Citizens Advice (ምኽሪ ዜጋታት) -** 0808 223 1133
  https://www.citizensadvice.org.uk/consumer/scams/reporting-a-scam/
- **Action Fraud (ስጉምቲ ምትላል) -** 0300 123 2040
- **Financial Conduct Authority (በዓል መዚ ፋናንሳዊ ስነ-ምግባር) -** 0800 111 6768
  consumer.queries@fca.org.uk
- ንዝያዳ ምኽሪ ኣብ ታሕቲ ናብ ዘሎ ሊንክ/መላገቢ ኪዱ፥
  https://www.citizensadvice.org.uk/consumer/scams/what-to-do-if-youve-been-scammed/

# Helpful Contacts (ሓገዝቲ ኣድራሻታት ርክብ)

## The Refugee Council (እቲ ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት)

02073466700 | info@refugeecouncil.org.uk

## ካልኦት ናይ ግብረሰናይ ማሕበራት

- **Scottish Refugee Council (ስኮትላንዳዊ ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት)** – 0141 223 7979
- **Welsh Refugee Council (ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት ወይልስ)** - https://wrc.wales/contact/
- **Migrant Help (ሓገዝ ስደተኛ)** – 0808 8010 503
- **CARAS (South-West London (ደቡባዊ-ምዕራብ ለንደን) ጥራይ)** - +44 (0)208 767 5378
- **Citizens Advice (ምኽሪ ዜጋታት)** – 03444 111 444
- **Refugee Action (ስጉምቲ ስደተኛ)** – ብዙሕ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ይህብ - https://www.refugee- action.org.uk/help-support-advice-services/

## ናይቲ ባንክ ናይ ጥርዓን መስመር ተሌፎን/መርበብ-ሓበሬታ

ነፍስ ወከፍ ባንክ ናይ ጥርዓን ቁጽሪ ተሌፎን፡ ኣድራሻ ኢመይል' ኦንላይን ፎርም ወይ ቅጥዒ ክህልዎ እዩ ወይ ብኣካል ትጠርዑ

## እቲ Financial Ombudsman Service (ኣገልግሎት ፊናንሳዊ ተጣባቒ)

0800 023 4567 | www.financial-ombudsman.org.uk/contact-us/complain-online

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ጥርዓናት ኣብዚ ዝስዕብ ርኣዩ፥
**https://www.fca.org.uk/consumers/how- complain**

REFUGEE COUNCIL

SUPPORTING AND EMPOWERING REFUGEES